*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*ፈጻሚ ኣካል*

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**
**الهيئة التنفيذية**

*ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT*
*Executive Committee*
*ensf.info@gmail.com*

---

# *ቃል መሪር ሓዘን ብዕርፍቲ*
# *ዓቢ ሃገራዊ ተቓላሳይ ብርሃን ኣድኅይ*

*ህዝቢ ኤርትራ፣ ሓደ ካብ'ቶም ልሉያት ሃገራውያን ኣቶ መሓመድ ብርሃን ኣድኅይ ብዕለት 27 ሰነ 2023 ኣብ ከተማ ከሰላ ብሞት ከም ዝተፈልዮ'ብምሕባር፣ መሪር ሓዘን ከም ዝተሰማዓና ንገልጽ።*

*ኣቶ ብርሃን ኣድኅይ ኣንጊሁ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰለፈ ኮይኑ፣ ኣቀዲሙ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ - ሓራካ (ብማሕበር ሸውዓተ ዝፍለጥ)፣ ቀጺሉ ድማ፣ ድሕሪ ምእዋጅ ብረታዊ ቃልሲ፣ ኣብ ውሽጣዊ ስርርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኮይኑ ዝተቓለሰ ተባዕ ኤርትራዊ ኢዩ። ነቶም ኣንጻር ሓይልታት ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ስርሒት ተዋፊሮም ዝነበሩ ተጋደልቲ ኩሉ መዳያዊ ሓገዛትን ኣስተዋጽኦን ካብ'ቶም ዘበርከቶ ምንባሩ መዛግብ ቃልስና ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ነፍስሄር ብርሃን ኣድኅይ ነባሪ ከተማ ባርንቶ ኮይኑ፣ ኣብ ንግዳውን ሕርሻውን ዓውድታት ይነጥፈ ነበረ። ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን፣ ከም ብዙሓት ሃገራውንን፣ ከምኡ'ውን ኣባልነቱ ኣብ ተሓኤ ብጸላኢ ስለ ዝተፈልጠ፣ ናብ ሱዳን ክስደድ ተገደደ። ኣብ ሱዳን'ውን እንተኾነ፣ ኣብ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ መትከላት ተሓኤ ጸኒዑ ሃገራዊ ቃልሱ ብልዑል ሓቦን ንሒን ቀጸሎ። ድሕሪ ናጽነት'ውን፣ ህዝቢ ነቲ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ሓርነትን ዝተመለአ መሰላትን ንምጕንጻፍ፡ ኣቶ ብርሃን ኣድኅይ፣ ኩነታት ብዘፍቅዶ፣ ካብ ምቅላስ ደው ኣይበለን።*

*ነፍስሄር ብርሃን ኣድኅይ፣ ምቕሉልን ፈታዊ ሰበን ብምንባሩ፣ ምስ ብዙሓት ኤርትራውያን፣ ማሕበራዊ ኣካውንኦም ብዘየገድስ፣ ፍቅርን ሕውነታውን ዝምድና ነበሮ። ከምኡ'ውን ኩሉ ግዜ ትስፉው ምንባሩ ዝተፈልጠ ኢዩ። "ኣጀኹም፣ ከንዕወት ኢና" ትብል ቃል ብቐጻሊ ዝደጋግማ ቃል ምንባራ ዓቢ ተጋዳላይ ዓብደላ ሓሰን ዓሊ (ፈጣሪ ዕድመን ጥዕናን ይሃቦ) ገሊጹ።*

*ሕድሪ ሓርበኛ ብርሃን ኣድኅይን ኩሎም ስዉኣትናን ናብ ሸትኡ ንምብጻሕን፣ ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ዝነገሶ ስርዓት ንምቛምን ቃልስና ቀጻሊ ምዃኑ ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ቃሉ የሕድስ።*

*ንምሉኣት ስድራ ቤትን ብጾቱን ጽንዓት ይሃብኩም ብምባል ንኩቡር ኣቶ ብርሃን ኣድኅይ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ።*

*ፈጻሚ ኣካል*

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*

*29 ሰነ 2023*